# *BPR እንታይ እዩ?*

## *I. ዓንዲታትን ረብሓን BPR*

BPR (Business process Re-engineering) መሰረታዊ ለውጢ ኣሰራርሓ ተባሂሉ ይፍለጥ። ብዋናነት በብቢሮኡ ዘለው ዘልማዳዊ ኣሰራርሓታትን፣ ጕተትቲን ድሑራትን ኣተሓሳስባታትን ብምውጋድን ነፀላን ዝተበታተኹን ስራሕቲ ብምውዳድን ንዓሚል ወይ ንተገልጋሊ ከርዊ ብዝኽእል ስሉጥ ኣሰራርሓዊ ለውጢ ዝትክእ ፍቱንን እዋናውን መስርሕ እዩ።

BPR ኣርባዕተ ቀንዲ ዓንዲታት ኣለውዎ። ኣብዞም ኣርባዕተ ቀንዲ ማዕዝናት ዘይተመሰረተ ናይ BPR መፅናዕትን ትግባረን ኣብ ላዕሊ ንዝተገለፁ ፀገማት ክፈትሕ ኣይኽእልን። እቶም ዓንዲታት ብሓፂሩ ነዚ ዝስዕብ ይመስሉ።

1. *Fundamental Rethinking /ያመቻ -ሓእምሮ/* ፡- እዚ ዓንዲ እዚ እንስርሖም ዝነበርና ስራሕትን፣ እንኽተሎም ዝነበርና መንገዲታትን ብዕሙቀትን ብስፍሓትን እንሪአሉ ናይ ሓሳብ መነፅር እዩ። በዚ ኣስተውዕሎን ኣትኩረትን ሓዱሽ ለውጣዊ መንገዲ እንፀርገሉ ኢና።
2. *Radical Redesigning /ሱር በተኸ ንድፍን ትልምን/* ፡- እዚ ዓንዲ እዚ ብናይ ትማሊ ኣከያይዳ ክንከይድ የብልናን ዝብል ሓሳብ እዩ። ናብ ናይ ትማሊ ኣሰራርሓ ዝመልሰና መቋረፂ መንገዲ ዘይኮነስ ስሉጥን ቅልጡፍን ብዝኾነ ናይ ኣሰራርሓ መንገዲታትን ኣተሓሓስባታትን ዝተቓነዩ፣ ዝኣረጉ ናይ ኣሰራርሓ መንገዲታትን ኣተሓሳስባታትን ካብ ሱሮም ዝምሕው ንድፌታትን ትልሚታትን ምውፃእ ዝጠልብ እዩ።
3. *Dramatic Achievement /ተኣምራዊን ዝለዓለን ውፅኢት ስራሕ ምምዝጋብ/* ፡- እዚ ዓንዲ'ዚ ርኡይን ዝለዓለን ውፅኢት ስራሕ ምምዝጋብ ዝከኣለሉ ሓሳብ እዩ። ሓደ ወይ ክልተ ስጉሚ ሰጕምካ ፅገናዊ ለውጢ ምምፃእ ዘይኮነስ ዝተዓፃፀፉ ብዙሓት ስራሕቲ ናብ ቅድሚት ናይ ምውንጫፍ ሜላ እዩ። እቲ መወንጨፍን ተወንጫፍን ዒላመኦም ብምውቃዕ ተኣምራዊ ውፅኢት ከምፅኡ ይኽእሉ'ዮም። እዚ ዓንዲ'ዚ ናብ ዝበለፀ ውፅኢት ስራሕ ዘብፀሐና ማዕዝን'ዩ።

4. ***Process /ብባህሪኦምን ብከይዶምን ሓደ ዓይነት ዝኾኑ ስራሕቲ ናብ ሓደ ምምፃእ/*** :- እዚ ዓንዲ'ዚ ብባህሪኦምን ብከይዶምን ሓደ ዓይነት እናሃለው ብዝተፈላለዩ ክፍሊታት ስራሕ ዝስርሑ ስራሕቲ ናብ ሓደ ምምፃእ ማለት እዩ። እዚ ድማ ብሓይሊ ሰብ፣ ብግዜ፣ ብገንዘብን ዝኣመሰሉን ጉዳያት ድግግምን ብኽነትን ከይህሉ ይገብር። መፅናዕቲ BPR እንትጅመር ኣብ ከይዲ (process) እንተዘይተመስሪቱ እቲ ድኻም ከንቱ ስለዝተርፍ ዝለዓለ ትኹረት ዘድልዮ እዩ።

ብዛዕባ ለውጢ ሓዱሽ ኣሰራርሓ እንትሕሰብ ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ስራሕ ከምዝረአ ናይ ኣውቶሜሽን ስራሕ ኣይኮነን። ኣውቶሜሽን ኣየድልን ማለት ግን ኣይኮነን። ነቲ ሕማም ኣቐዲምካ ብምርዳእ ንጠንቂ እቲ ሕማም ንምውጋድ ኣውቶሜሽን ክጠቅም ይኽእል እዩ። ይጠቅም'ውን'ዩ። ነገር ግን BPR ምስራሕ ማለት ከም ኣውቶሜሽን ተገይሩ እንተተወሲዱ ጕታትን ውፅኢት ኣልቦን ኮይኑ ንዝፀንሐ ኣሰራርሓና ኣውቶሜት ምግባር ስለዝኸውን ክሕሰበሉን ክፅናዕን ይግባእ።

BPR ማለት ሱቕ ኢልካ መሓውር ምኽላስ (Restructuring) ኣይኮነን። መሓውር ዳግም ምስራሕ ወይ መፅናዕቲ ኣሰራርሓ ተኻይዱ ተባሂሉ መሓውር ምሕፃር "ኮበርታ እንተገልበጥዎስ ኮበርታ" ንዝብል ኣበሃህላ ካብ ምጉላህ ዝዘለለ ስራሕ ኣይንሰርሕን። ንኣርባዕቲኦም ዓንዲታት ብዕሙቀት ተረዲእና ነቶም መትከላት ተግባራዊ እንተገይርና ጥራሕ እዩ BPR ሰሪሕና ክንብል እንኽእል።

እቲ ካልእ ጉዳይ BPR ምክያድ ማለት ንሓደ ትካል ዳግም ምውዳብ ከምዘይኮነ ክፍለጥ ኣለዎ። ነቲ ዝነበረ ናይቲ ትካል ምስሊ ቀባቢእኻን ኳሓሒልካን (Reorganizing) ሓዱሽ ንክመስል ዝግብር ናይ ምውዳብ ስራሕ ናይ BPR ኣካል ክኸውን ኣይኽእልን። ከምኡ'ውን ብግቡእ ከይተፀንዐ መሳልል መሓውር ቆሪፅካ ምድርባይ (Delayring) ኣግባብነት የብሉን። ጥቕሙን ጉድኣቱን ብግቡእ መፅናዕቲ ከይፈተሽካ ብፍንው ዝርጉሕ መሓውር (Flattening) ሰሪሕና እንተተብሃለ'ውን ምትሕምማስ ምፍጣር እዩ።

BPR እንትሕሰብ ብፍፁም ሓዱሽ ጅማሮን ሓዱሽ ኣተሓሳስባ ብምምንጫውን እዩ ክእቶ ዘለዎ። ቅድሚ ኩሉ ግን ከይዲታት ስራሕቲ ምፍላይ /ምልላይ/ ግቡእ እዩ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ትካል ዝፍፀሙ ዘለው ኩሎም ተግባራት ምትንታን ዘይኮነስ እቲ ትካል ዝተጣየሸሉ ዕላማ፣ ተልእኾን ራእይን ንምዕዋት ወሰንቲ ዝኾኑ ቁልፊ

/ዓበይቲ/ ከይዲታት ስራሕ (core-processes) ኣለሊኻ ኣብ ምውፃእ እዩ ዘሎ እቲ ቀንዲ ቁምነገር። እቲ ቀዳማይን ፈታንን ስራሕ ድማ እዚ'ዩ።

ቁልፊ /ዓበይቲ/ ከይዲታት ስራሕ ኣለሊና እንትነውፅእ ብባህሪኦም ሓደ ዝኾኑ ግን ድማ ብስያመ ዝተፈላለዩ - ዝተፈላለዩ ክፍሊታት ብዝተበታተነ መንገዲ ዝፍፅምዎም ስራሕቲ ወዲብካ /ጠሚርካ/ ብሓደ መስመር ክጓዓዙ /ክስርሑ/ ምግባር ማለት እዩ። ብኸምዚ ዓይነት ከይዲ ስራሕ ዝተዋደዱ ስራሕቲ ካብ መጀመርተኦም ክሳብ ፍፃመታቶም ወይ ድማ ካብ ግብኣት ክሳብ ዘኸትልዎ ፅልዋ (Input- Impact) እንታይ ንእንታይ ተኸቲሉ ከምዝኸይድ ግለፂ ብዝኾነ መንገዲ ዘርእዩ እዮም።

እዚ እንትበሃል ግን ቁልፊ /ዓበይቲ/ ከይዲታት ስራሕ ተነፂሮም ምስወፁ ከም ፈረስ-ካሮሳ ብሓደ ኣንፈት ጥራሕ ዝርኢ ኣሰራርሓ ተገይሩ ክውሰድ የብሉን። እኳዳኣስ ብዙሓት ኣማራፂ መንገዲታት (Multiple versions) ይደሊ'ዩ፣ ይድህስስ እዩ፣ ነቲ ዝበለፀ'ውን ዝወስድ እዩ ኣሰራርሓ BPR.

ብትኽክለኛ መንገዱ ቁልፊ /ዓበይቲ/ ከይዲታት ስራሕ ምቕማጥ እንተተኻኢሉ ግብኣት ዝውስኹን ዘይውስኹን ንምንካይ ቀሊል ይኸውን። ነቶም ከይዲታት (Processes) ምፍላይ ሓደ ጥቕሙ'ውን ግብኣት ዘይውስኹ ዘየድለይቲ ክትትልን ቁፅፅርን ብጣዕሚ ንምንካይ ስለዘኽእል እዩ። ተበታቲኖም ዝስርሑ ዝነበሩ ስራሕቲ ብትኽክለኛ ከይዶም ምሕላፍ ንሰራሕተኛታት ካብ ዝህብዎም ረብሓታት እቲ ሓደን ቀንድን ሰራሕተኛታት ካብ ዝርጉፍ ናይ እዚ ሰንሰለት ተናጊፎም ንዝሰርሕዎ ስራሕ ወሰንቲ ክኾኑ ዝገብሮም'ዩ። ሓላፍነታውን ተሓታትነትን ብዘለዎ መንገዲ ይመርሑ። ዓርሰ እምነት ይሕድሩ። ስለዝኾነ'ውን ስራሕ ናይ ምጉታትን ጉዳያት ብቕልጡፍ ውሳነ ንከይረኽቡ ናይ ምትሕማምን ምልስላስን ዝንባለ (Reconciliation) ከይህሉ ይሕግዝ። እንተሃለወ'ኳ ብጣዕሚ ናብ ዝተሓተ ብርኪ የውርዶ'ዩ።

ረብሓ ስሉጥ ለውጢ ኣሰራርሓ (BPR) ብጣዕሚ ልዑል'ዩ። ዕላማ እዚ ፅሑፍ'ዚ ዳህሳስ ጥራሕ እዩ። ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ቁም ነገር ከምዘለዎ እናሃለወ ካልኦት ረብሓታት BPR እውን ንምርኣይ ንፈትን። ክፍሊታት ስራሕ ካብ ዝነበርዎ ዘልማዳዊ ሓፁርን መቐሎ ዕዮን (Functional Departments) ወፂኦም ናብ

ከይዳዊ ጉጅለ ዕዮ (Process teams) ክቕየሩ እዮም። ነፀላ ስራሕቲ'ውን ናብ ዝተኣሳሰሩን ዝተተሓሓዙን ዘርፈ- ጥቕሉል ስራሕ ክልወጡ'ዮም። ናይዚ ኩሉ ድምር ውፅኢት ናብ ትኽክለኛ ምዘና ሰራሕተኛን ስራሕን የብፀሓና። ስለዝኾነ እቲ ምዘና ስራሕ ካብ ፍፃመ ተራ ተግባራት ወፂኡ ግብኣት ክውስኽ ናብ ዘኽእል ብርኪ ይመፅእ። ከምዚ ዓይነት ምዘና እቲ ሰራሕተኛ ብዝሰርሖ ስራሕን ብዝምዘነሉ ኣገባብን ትኽክለኛነት ክተኣማመን ይገብሮ። ልዕሊ ኹሉ ድማ እቲ ሰራሕተኛ ተገልጋሊ ዘይኮነስ ኣገልጋሊ ህዝቢ ምኳኑ ብዝግባእ ንክርዳእ የኽእሎ። ብምኳኑ'ውን እቲ ሰራሕተኛ "ንዓይ መሃያ ዝኸፈለኒ'ኮ ህዝቢ'ዩ፣ ንህዝቢ ከገልግል ግቡእ ካብ ሃለወኒ ድማ ዝተፈለየን ዝሓሸን ስራሕ ክሰርሐ ኣለኒ" ዝብል ስምዒት ክሓድሮ ይገብር። "ዝኸፈለኒ ክፍሊት ብዝሰራሕኹዎ ስራሕ እናተለከዐ ምኳኑ ትኽክል'ዮ። ተሓታትነት ኣለኒ" ናብ ዝብል ውሽጣዊ ጣዕሳ ብምእታው፣ ሓዱሽ ናይ ለውጢ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ከሰጉም ይጅምር። ከምኡ'ውን ፈታሒ ፀገም ክኸውን ትፅቢት ከምዝግበረሉን ኣብ ስራሕ ዘጋጥም ውድቀት ይኹን ዕውትነት ናይ ሓባር ምኳኑ ዝረደኣሉን ኣጋጣሚ ይፈጥረሉ። ስለዝኾነ ጠንካራን ኣድለይትን ዝኾኑ ሓበራዊ ግብኣት ንክድንፍዑ ናይ ባዕሉ ፃዕሪ ክገብር'ዩ።

እቲ ስሉጥ ኣሰራርሓዊ ለውጢ (BPR) ነቲ ሰራሕተኛ ጥራሕ ዘይኮነስ ንሓለፍቲ ስራሕ'ውን ብጣዕሚ ዝረብሕ'ዩ። ንባዕሉ ንለውጢ ኣዳልዩ ንBPR ዝተቐበለ ሓላፊ ስራሕ ኮፍ ኢሉ ተፀባዪ ውፅኢት ኣይኸውንን። እኳዳኣስ ተበግሶን ቁርፀኝነትን ዘለዎን ሰሪሑ ዘሰርሕን መራሒ'ዩ ዝኸውን። ካብ ዘልማዳዊ ስርዓት ኣመራርሓ (Deductively) ወፂኡ እዚ ዘበን'ዚ ናብ ዝጠልቦ ቅኒት ኣመራርሓ BPR (Learning to think inductively) ይኣቱ። ስለዚ'ዩ ነቲ ናይ ለውጢ መንከርከር ባቡር ናይ ምምራሕን ንሰራሕተኛታት ኣሳፊርካ ናብ ዝተሓሰበሉ ሸቶ ናይ ምብፃሕን ሓላፍነት ኣብ ልዕሊ ኣመራርሓ ዝወድቕ ጉዳይ እዩ።

## *II. <u>BPR ኣብ ምስራሕ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ማሕለኻታትን ዓንቀፍቲ ኩነታትን</u>*

*መፅናዕቲ* BPR *ብዝሰመረ መልክዑ ከይስራሕ ዝገብሩ ብምፍላጥ ይኹን ብዘይምፍላጥ ዝፍፀሙ ብዙሓት ተግባራት ኣለው። ካብኣቶም ገሊኦም ነዚ ዝስዕብ ይመስሉ።*

- *ብቐጻምነት ን*BPR *ሙሉእ ብሙሉእ ምቅዋም እዩ። እዚ ሓሳብ ከምዘመልክቶ "መሰረታዊ ዝኾነ ለውጢ ኣሰራርሓ የድሊ'ዩ" እንትበሃል ሓንካስን ድውይን ገይርካ ምቕራብ ይጅመር። ወይከዓ ናይ ግብሪ ይውፃእ ፅገናዊ ለውጢ ዘርኢ ጉራምራ ንድፊ ንምውፃእ ይፍተን። "ላሕሚ ፈረስ ንዘይትኸውን ታፔላ ፈረስ ጠቂዓ" ዝብል ዝፀንሐ ኣባሃህላ ፈረንጂ ኣሎ። ብተመሳሳሊ ኩነታት ሱር በተኸን መሰረታውን ከይዲ ኣሰራርሓ'ምበር ክኸውን ካብ ዝግበኦ መትከል ወፃኢ ኳሓሒልካ ንምቕራብ ምፍታን ከይዲ እቲ ኣሰራርሓ ኣይፈቅድን።*
- *ኣብ ብዙሓት ትካላት ካብ ዝቐርቡ መግለፂታት ተቓውም ገሊኦም ሕቶ ወሰኽ መሃያን መሰል ጥቕማ ጥቕምን ገሊኦም'ዮም። ጣጣ ናብራ እናልዓሉ ወረ ምኩምሳዕን ናይቲ ትካል ዘይተማልኡ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ጉድለታት እናልዐልካ ኣንፈት ንምስሓት ዝግበር ፃዕሪን'ውን ክእረም ዝግበኦ ዝንባለ እዩ።*
- *እቲ ካልእ መእረምታ ዘድልዮ ጉዳይ ድማ ኣብ ከይዲ'ቶም ስራሕቲ ኣብ ክንዲ ምትኳር* BPR *ማለት ንሰራሕተኛ ዝንኪን ውሕስነት ዘስእንን ገይርካ ብምሕሳብ ዝካየድ ሓደገኛ ምብርባር እዩ። ብምኽንያት'ዚ ሰራሕተኛ እንከ'ዩ፣ እገለ/ሊት ከምዚ ክኾኑ'ዮም እናበሉ ፍርሕን ወረን ንምንጋስ ፃዕሪ እንትግበር ይስትውዓል እዩ። ነዚ ኣቓዲምካ ብምርዳእ ንመላእ ሰራሕተኛ ናይ ምርዳእ ስራሕ ግንባር ቀደም ትኹረት ክወሃቦ ዝግባእ ተግባር ክኸውን ኣለዎ።*
- *እቲ መፅናዕቲ እንትጅመር መላእ ሰራሕተኛ ስርሑ ጥንጥን ኣቢሉ ክገድፍ ምግባር ትኽክል ኣይኮነን። እዚ'ውን እቲ ካልእ ክዕረ ዝግበኦ ጉዳይ እዩ። ነዚ ዝወሃቦ ምኽንያት ድማ "ሓዱሽ ኣሰራርሓ ንምትእትታው ዘኽእል ኣሰራርሓ*

ኣብ ምሕንፃፅ ኢና ዘለና" ዝብል ዕባራ ምኽንያት እዩ። ሰብ ጉዳይ እንትመፁ ዝወሃብ እዚ ዘየድላዩን ዕብራን ምኽንያት መረረን ኣንፀርፅሮትን ከስምዑ ይገብሮም። ዘዕግብ ምላሽ ዘይረኸበ በዓል ጉዳይ'ውን ክርደኦ ዘይኽእልን ዝተድበስበሰን ምኽንያት እንትንገሮ እንተማረረ እንታይ ይፍረዶ? ስለዙይ በዚ መዳይ'ዚ ጥንቃቐ ክግበር ኣለዎ።

- እቲ ካልእ ፀገም በብብርኩ ዝርከቡ ሓለፍቲ ስራሕ ባህሪያትን ድልየትን ሰራሕተኛታቶም ዘይምፍላጥን ዘይምክትታልን እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ፅቡቓት ግብኣት ሰራሕተኛታቶም ኣሚንካ ዘይምቕባልን ብዓይኒ-ዕሙት ናይ ምቅዋምን ስምዒት የንፀባርቑ። ይኹን'ምበር ኣረኣእዮኦምን ኣተሓሳስበኦምን ብምርዳእ ናይ ምብቃዕ ስራሕቲ እንተዘካይዱ ረብሕኡ ዝለዓለ እዩ።

- ዘላቕነት ንዘለዎ ዕላማን ሽቶን ብምስራሕ መሰረታዊ ለውጢ ንምምፃእ ኣብ ክንዲ ምፅዓር ብንኡሽተይ ሕልምን ንኡሽተይ ስራሕን ናይ ምርዋይ ዝንባለ'ውን ጐዳእነቱ ኣይተሓትትን። ስለዝኾነ መሰረታውን ሱር-በተኽን ዝኾነን ስሉጥን ቅልጡፍን ስራሕ ንምስራሕ ሙሉእ ዓቕምኻ ፀንቂቕካ ምንቅስቓስ ትኹረት ዘድልዮ ጉዳይ እዩ። ናይ BPR ስራሕ ካብ ውጥን ጀሚሩ ክሳብ ትግባርኡ ሰባት ኣብ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት እንትንምድብ ንለውጢ ድልዋት ምኻኖም ምርግጋፅ ኣድላዩ እዩ። ለውጢ ንምምፃእ ቁርፀኛ ዝኾኑን ተበግሶን ቁርብነትን ዘለዎምን ሰባት ናብቲ ስራሕ ምውፋር ግቡእ እዩ። ሓላፍነቶም ክፍፅሙ ዘይኽእሉን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ነቲ ስራሕ ዘቋርፁን እንተኾይኖም እቲ ጉድኣት ቀሊል ኣይኸውንን።

- ዓብዩ ግምት ክወሃቦ ዘለዎ ካልእ ዓንቃፊ ኩነታት ቅድም ክብል ከምዝተገለፀ ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ዝረኣዩ ዝተፈላለዩ ሕፅረታት ብምግናን ገና ካብ መጀመርያ ጀሚሩ ናይ ምቁንፃብን ምንእኣስን ዝንባለ ክህሉ እዩ። ንሕፅረታት ብምቑላል ንናይ ሪኢንጅነሪንግ መሰረታዊ ኣተሓሳስባ ኣፅቢብካ ምርኣይ'ውን ናይ ብዙሓት ፀገም'ዩ። ካብዚ ዝነቐለ'ውን ናይ ምዝንጋዕን ኣንፈት ትኹረት ናይ ምስሓትን ተግባራት ክህልው ስለዝኽእሉ ግቡእ ጠመተ ሂብካ ምክትታልን ምእራምን ኣድላዩ'ዩ።

- እት ካልእ ጕዳኢ ነገር ዓይነ - ዕሙት ምዃን እዩ። ዓይነ-ዕሙት /ዕልምትምት/ ኣተሓሳስባን ኣርኣእያን ሓደገኛ ብምዃኑ ብህፁፅ ክውገድ ይግባእ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ፎቖዶ ኣብያተ-ዕዮ ብስፍሓት ይረአ ንዘሎ ዝተሓላለኸን ድሑርን ባህሊ ስራሕ ምሙጋስን ምንኣድን ናይዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ሓደ ነፀብራቕ እዩ። ድሑርን ልማዳውን ንዝኾነ ግብኣትን ስርዓት ኣሰራርሓን ምሙጋስ እቲ ሰራሕተኛ ንለውጢ ከይለዓዓል ዝገብር ኣዕናዊ ምብርባር እዩ። ስለዙይ ናይ ሪኢንጅነሪንግ ስራሕ ከይጅመር ዘይፍንቀል እምኒ ስለዘይህሉ ኣቓልቦ ክወሃቦ ይግባእ።

- ናይ ማእኸላይ መሪሕነት (middle-managers) ስግኣት'ውን ካልእ ናይ ትኹረት ነጥቢ'ዩ። ማእኸላይ መሪሕነት ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ነብሱ እዩ ዝሓስብ። "ቦታ'ዶ ክስእን ይኸውን?" ብምባል ኩሉ ግዜ ይጭነቕ። ካብዚ ብምብጋስ'ውን እቲ ናይ ሪኢንጅነሪንግ ስራሕ ካብ ታሕታዎት ክፍሊታት ስራሕ ክጅመር ይደሊ። ካብ ታሕቲ ንላዕሊ እናተርኣየ ክመፅእ'ምበር ካብ ላዕሊ ጀሚሩ ኣብ ምንጪ ዘሎ ብልሽው ኣሰራርሓ ነቒልካ ንምውፃእ ይፈርሕ እዩ። ስለዙይ ነዚይን መሰል ኣረኣእያን ኣቐዲምካ ምምካት ኣድላዪ'ዩ።

- ምስዚ ብዝተኣሳሰረ ክስመረሉ ዝግባእ ሓደ ጉዳይ'ውን ኣሎ። ኣብ ስራሕቲ ሪኢንጅነሪንግ ብዛዕባ BPR ዋላ ሓንቲ ፍልጠትን ድልየትን ዘይብሎም ሰባት መዲብካ ስርሑ ምባል ብባዕሉ ፀገም'ዩ። እሞ ነቲ ስራሕ ኣግባብነት ዘለዎም ሰባት (The right mindset) ክንምድብ ይግባእ። ብቕዓት ይሓትት'ዩ'ሞ! ኣብቲ ቦታ ብቑዓት ሰባት መዲብካ ክሰርሑ እንትግበር ድማ እኹል ግዜን ግቡእ ሪሶርስን ክረኽቡ ኣለዎም። መምርሒታትን ዝተፈላለዩ ክፍሊታት ስራሕን ንጉጅለታት BPR ኣድላዪ ምትሕብባር ክገብርሎም ትዕቢት ይግበረሎም። ንኹሉ ነገር ጨምዲድካ ብምትሓዝ እቶም ጉጅለታት ገንዘብ፣ መጓዓዝያ፣ መሳርሒ ወዘተ ክረኽቡ እንተዘይተገይሩ እቲ ናይ ሪኢንጅነሪንግ ስራሕ ምትዕንቓፉ ኣይተርፍን። ኣብዚ መዳይ ዋላ'ኳ ናይቲ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ቆራፅነትን ተበግሶን እንተሃለዎ ደገፍ ካልኦት ኣካላት'ውን የድሊ'ዩ። ንጉጅለታት ሪኢንጅነሪንግን ንሰብ ዋና ከይዲታትን (Processes owners) ኣግባብነት ዘለዎ ሃፍቲ (Resource) መዲብካ

ክሰርሑ ምግባር ኣገዳሲ'ዩ። ናይ ኣመራርሓ ዕለታዊ ክትትል'ውን ወሳንነት ኣለዎ። ኣመራርሓ እቲ ትካል በብግዚኡ ኣብ ዘካይድዎም ገምጋማት ስራሕ ንBPR ቀዳማይ ኣጀንደኦም ክገብርዎ ይግባእ። ካልኣይን ሳልሳይን ዝስራዕ ኣጀንዳ ክኸውን የብሉን። ዝለዓለ ጠመተን ትኹረትን ዝተውሃቦ ተግባር'ዩ'ሞ!

- ከይዲታት (Processes) ናይ ምፍላይ ጉዳይ'ውን ካልእ ዓብዩ ነጥቢ'ዩ። ከይዲታት እንትፍለዮን ምስ ተፈላዩን ውሑዳት፣ ምሩፃትን ቀንድን ምኻኖም ምርግጋፅ ግቡእ'ዩ። ኣብ ውሑዳት፣ ዝተመረፁን ዓበይትን ከይዲታት ኢና ክነተኩር ዝግባእ። ንኹሎም ተግባራት ንምድህሳስ ምፍታን ንሃፍቲ ብሰፊሑ ምብታን'ዩ ዝኸውን ። ንሃፍቲ ምብታን ድማ ዝርግርግነት የስዕብ፣ ኽሳራ'ውን'ዩ።
- ብዛዕባ እንታይነት BPR ዕሙቀት ዘለዎ ግንዛበ ዘይምህላው'ውን ካልእ ዓንቃፊ ምኽንያት እዩ። ንBPR ካብ ካልኦት ምምሕያሽ ኣሰራርሓታት ፈሊኻ ምፍላጥ ግቡእ እዩ። ፅገናዊ ለውጢ ከይኸውን ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ የድሊ። ከምኡ'ውን እቲ ስራሕ ተግባር ሓለፍቲ መስመር'ምበር (line-managers) ንስፔሻሊስትታትን ኤክስፐርትታትን ጥራሕ ዝግደፍ ተግባር ክኸውን የብሉን።
- ካልእ ጠመተ ክወሃቦ ዝግባእ ነጥቢ ድማ በብግዚኡ ኣብ ዝካየዱ ኣኼባታት ሓደሽቲ መሰረተ ሓሳብን ክልሰ-ሓሳብን እናምፃኻን እናተንተንካን ዲስኩር ምቕራብ ምድንጋርን ምውቓዕን ዝፈጥር ሓደገኛ ኣከያይዳ'ዩ'ሞ መሰረታዊ ለውጢ ንምምፃእ ንመሰረታዊ ጭብጥታት BPR እንተፈሊጥካ እኹል'ዩ። እቲ ቀንዲ ቁም ነገር ኣብ ተበግሶን ቁርፀኝነትን ዝምስረት ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ኣብ ምስራፅ'ዩ ዘሎ። ክልሰ-ሓሳባዊ ዘረባ ምብዛሕ ረብሓ የብሉን።
- ብዛዕባ ምደባ ውለቀሰባት ምጭናቕ ካልእ ስሕተት'ዩ። ኣብ መምርሒታት፣ ግልጋሎታት፣ ዋና ክፍሊታትን ዝመሳሰሉን መደባት ስራሕ ብዛዕባ ዝምደቡ ሰባት እናሓሰብካን ዝዕፀፉ ክፍልታት ስራሕ ኣቐዲምካ ብምትንባይን ናይ BPR ስራሕ ምክያድ ኣግባብነት የብሉን። ንሰባት ንዘይምቕያም ተባሂሉ

ዝስራሕ ዕገናዊ ኣሰራርሓ'ውን ዋጋ ኣይህልዎን። ንእገለ/ሊት የሕጉስ ወይ ይጉድእ'ዩ ብዝብል ክስራሕ የብሉን፣ ከይዲ BPR ስራሕን ስራሕ ጥራሕን ማእኸል ክገብር ኣለዎ።

- ኣብ ዝኾነ ግዜ ሓዱሽ ነገር እንትጅመር ተቃውም (Resistance) ዘሎ'ዩ። ብፍላይ ድማ እቲ ማእኸላይ ኣመራርሓ (Middle – Management) ካብ ዝሓድሮ ስግኣት ዝፈልፈለ ኣሉታዊ ዝንባለታትን ወረታትን ክነግሱ እንትተገይሩ እቲ ሰራሕተኛ ግንዛበ ከይሓዘ ብወረ ጥራሕ ተቓውሞ ክስምዕ ይኽእል እዩ። ስለዚ እቲ ሰራሕተኛ "ተቓዊሙ'ዩ" ብዝብል ሰበብን ጉልባብን ናይ BPR ስራሕ ንፃት'ኳ ደው ክብል ወይ'ውን ክተኣጓጎል የብሉን። ሓለፍቲ'ውን ከድሐርሕሩ የብሎምን።
- እቲ ካልእ ናይ ትኹረት ነጥቢ ክኸውን ዘለዎ ነቲ ስራሕ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ምጉታት እዩ። ብዝተጓተተን ብዝተናወሐን ቁፅሪ ናይ ምስልቻውን ምምራርን ኩነታት ክኽሰት ይኽእል እዩ። ንትዕግስቲ ኣፀንቂ'ቕካ ናብ ቑጠዐ ንኸትኣቱ ዝግበር ኣካያይዳ ከይህሉ ምጥንቃቕ ኣድላዪ'ዩ።

ኣብ ላዕሊ ንምሕባር ከምዝተፈተነ ንቀንዲ ዓንቀፍቲ ኩነታት ብምእላይ ዕውት መሰረታዊ ለውጢ ኣሰራርሓ ንምምፃእ ካብ ነብሲወከፍና ዝለዓለ ፃዕሪ ትፅቢት ይግበር። መሰረታዊ ለውጢ ኣሰራርሓ ንምምፃእ ካብ ጅማሮ ክሳብ ትግባረ ኣብ ዘሎ ከይዲ ብዝለዓለ ቁርፀኝነትን ተበግሶን እንተተንቀሳቒስና እቲ እንደልዮ ውፅኢት ኣብ ሓፂር ግዜ ምርካብ ይከኣል'ዩ።

---